# ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ መዓስ'ዩ ካብ መድረኽ መደረታት ናብ ማእከል ኣሰገዳዲ ውሳነታት ዝሰጋገር



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካብ'ቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንማሕበር ሃገራት ዓለም ተኪኡ ኣብ 1945 ዝተመስረተሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይ'ቲ ውድብ ዓመታዊ ኣብ ወርሒ መስከረም ሓደ ግዜ ስሩዕ ኣኼባ የካይድ እዩ። ከምኡውን ከም'ቲ ልሙድ ዓመታዊ ስሩዕ ኣኼባ ኣብዚ ወርሒ ታሕሳስ 2024 ተኻይዱ። ኣብዚ ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ'ዚ ኩሎም መራሕቲ ሃገራት፡ ነገስታት፡ ኣቦ መንበር ሚኒስተራትን ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳይን ይሳተፍዎ እዮም። ኣብኡ ኸኣ ብኹሎም ተሳተፍቲ ዘብለጭክጭ መደረታት ይቐርብ። ዘይቀርብ ሃገራዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማዊ ይኹን ኣህጉራዊ ጉዳይ የለን። እዚ ኸኣ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዘገርም ግን ኣብ'ቲ ዓመታዊ ዝቐርብ ጉዳያት ክትዕ ኣይካየድን እዩ። ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብኹለን ኣባል ሃገራት ዝውክል ዝለዓለ ስልጣን ከም ምኳኑ መጠን፡ ኩሉ ኣብኡ'ዩ መፍትሒ ክረክብ ዝግብኦ ነይሩ። እንተኾነ ግን ዓመታዊ እንዕዘቦ ናይ ጸማማት ዘተ ዝሕሸሉ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ጸማማት ዘተ ተዛተይቲ ወገናት ስለዘለዉ። ኣብ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግን ንመሬቶም ዘሰግእ ሓደገኛ ተርእዮን ንዓቕሚ ኣባል ሃገራት ዝጽንቅቕ ቁርቁሳትን ውግኣትን ንምምይያጥ ዘይኮነ ዝመጹ፡ ነፍሲ ወከፍ ልኡኽ ኣብ መድረኽ መደረኡ ኣሰሚዑ'ዩ ዝኸይድ። ልዕሊ ኩሉ ዘደንጹ ከኣ ፕረዚደንትታትን ነገስታትን ሃገራት ናብ ኒውዮርክ ዝመጹ መደረ ንምቅራብን ገለ ጉናዊ ርክባት ንምክያድን ጥራሕ እዮም። ካልእ ዘገርም ተርእዮ ከኣ፡ ኣብ ነንሓድሕዶም ዝርአ ምውንጃል እዩ። እቲ ዝዓበየ ዘሕምመካ ከኣ፡ ን193 ኣባል ሃገራት ዝውክል ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መደምደምታ ዘሕልፎም ውሳነታት ኣሰገደድቲ ዘይምኳኖም እዩ። ብኣንጻሩ ውሳነታት ናይ'ተን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ሩስያ፡ ቻይናን ፈረንሳን ናይ ቀውፊ ድምጺ ብሓንቲ ኣባል ካብኣታተን እንተ ዘይኣጋጢሙዎ ክትግበር ግድን እዩ።

ከምኡውን ካልእ ዘገርም ተርእዮ፡ ገለ ሃገራት ካብ'ተን ሓሙሽተ ንሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይትረፍ፡ ንኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ከይተወከሳ ኣንጻር ሓንቲ ሃገር ወይ ሃገራት ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወተሃደራዊ ምትእትታው ዝፍጽማ ምኳነን እዩ። ከም ዝፍለጥ ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶ

ኣብ 2003 ዒራቕ ንምውራር ውሳነ ኣሕሊፉ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝነበረ ኮለን ፖወል፡ ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ትውንን'ያ ዝብል ጸብጻብ ብምሉእ ምትእምማን ናብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ስለያውን ትካላት ምምሕዳር ኣሜሪካ ምስ ኣቕረበ፡ እቲ ውሳነ ተወሲዱ። ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ከምዘይብላ ፍሉጥ ክነሱ፡ በዚ ኣዕናዊ ተዋስኦ'ዚ ኸኣ ዒራቕ ዓንያ። ብመሰረት "ኣህጉራዊ ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲ ኣሜሪካ" ዘቕረቦ ጸብጻብ ከኣ፡ ፍርቂ ሚልዮን ዒራቓውያን ተቀቲሎም። ከምኡውን ናይ ኣሜሪካ ቤት ትምህርቲ ሃርፈርድ ከነዲ፡ ብዘዳለዎ መጽናዕቲ መሰረት፡ ኣብ'ቲ ኩናት ዋሽንግቶን 3 ትሪልዮን ዶላር ኣፍሲሳ እያ። እቲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ገበን ተፈጺሙ። እንተኾነ ግን ኣብ ዒራቕ ዝነበረት መርማሪትን ፈታሺትን ኮሚተ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ወኪል ጽዓትን ኒክለስን ንኣባህላታት ምምሕዳር ኣሜሪካ ዘረጋግጽ ዝኾነ ይኹን መርትዖ ከምዘይረኸቡ'ዮም ዝሕብሩ። እቲ ገበን ከኣ ብዘይተሓታትነትን ፍርድን ሓሊፉ። ነቲ ሕሱም ታሪኻዊ ገበን ዝፈጸሙ ሰባት ከም ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶ፡ ምክትሉ ዲክ ቼኒ፡ ሚኒስተር ምክልኻሉ ዶናልድ ራምስፊልድ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኮለን ፖወል ወዘተ ኣይተሓተቱን። ልዕሊ ኩሉ ዘስደምም ተግባራት ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ከኣ፡ እተን ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ብዋጋ ረብሓታት ሃገራትን ህዝብታትን ብዋጋ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ንእስትራተጂያውን ፖለቲካውን ዞባውን ረብሓታተን ክብላ ናይ ቀውፊ መሰል ካብ ምጥቃም ድሕር ዘይብላ ምዃነን እዩ።

ንውሳነታት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዘቃልዕ ብዙሕ ንጹር ኩነታት ኣሎ። በዚ መዳይ'ዚ ከኣ ንክልተ ውሳነታት ክንርኢ ኢና።

## 1- መንግስቲ እስራኤል ንውሳነ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ቁጽሪ 2735 ይነጽግ

ብ10 ሰነ 2024 ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ኣብ ቃዛ ዝካየድ ኩናት ደው ክብል ብምሉእ ድምጺ ብቁጽሪ 2735 ኣገዳሲ ውሳነ ኣሕሊፉ። እንተኾነ ግን ሕብሪ ናይ'ቲ ውሳነ ከይነቀጸ ከሎ፡ መንግስቲ እስራኤል ብመገዲ ልኡኻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ርዮት ሻቢር ብን ንፍታሊ ኣቢሉ ነጺጉዎ። ንሳ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ "ናይ'ቲ ኩናት ሓላፍነት ዝወስድ ሓማስ ጥራሕ እዩ። ደው ከምዘይብል ዝገብር ዘሎ ከኣ ንሱ'ዩ፡ እስራኤል ንኩሎም እሱራት ናይ ምውጻእን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሓማስ ናይ ምዕናውን ኣብ መጻኢ ቃዛ ንእስራኤል ስግኣት ከምዘይትኸውን ናይ ምግባርን ሓላፍነት ኣለዋ። እዚ ምስ ተረጋገጸ ከኣ ኩናት ደው ክብል'ዩ። እስራኤል፡ ሓማስ ግዜ ንምኽሳብ ክትምዝምዞ እትኽእል ትርጉምን መወዳእታን ናብ ዘይብሉ ዘተ ኣይትሳተፍን እያ" ክትብል ገሊጻ። ውሳነታት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብእስራኤል ክንጸግ እዚ ናይ መጀመርያ ኣይኮነን። ተኸታተልቲ ስርዓታት እስራኤል ንውሳነታት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዘይምኽባሮም ካብ 22 ሕዳር 1967 እዩ ዝጅምር። እዚ ድማ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ንእስራኤል ካብ'ቲ ኣብ ናይ ሰነ 1967 ኩናት ዝሓዘዎ መሬት ሰራዊቶም ክስሕቡ ውሳነ ቁ-242 ምስ ኣሕለፈ ዝተኸሰተ እዩ። እንተኾነ ግን በዚ ውሳነ'ዚ እስራኤል ኣይተማእዘዘትን። ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ'ውን ንእስራኤል ውሳነታቱ ንኽትትግብርt ኣየስገደዳን።

ስርዓታት ስራኤል ንውሳነታት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዋላ ዝተሓተ ሚዛን ኣይህብዎን እዮም። እዚ ኸኣ ሓለዋ ናይ'ታ ዋላ እንተ ዓመጹ ዘይትገድፎም ታሪኻዊትን እስትራተጂያዊትን መሓዛኦም ኣሜሪካ ተመሪኩሶም እዮም። ካብ'ቲ ብ14 ግንቦት 1948 ዝተመስረተትሉ እዋን ኣትሒዛ ኸኣ ካብ ኣሜሪካ

ዶብ ዘይብሉ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ፋይናንሳውን ዜናውን ሓገዛት ክትረክብ ጸኒሓ እያ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝተበከለ ፖለቲካዊ ሃዋሁው'ዚ ስርዓታት ምዕራብ ከይሓፈሩ ብተደጋጋሚ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ እስራኤል እንኮ ደሞክራስያዊት ሃገር'ያ ይብሉ። እንተኾነ ግን እስራኤል እንኮ መግዛእታዊ ስርዓት ምዃና ዋላ ሓደ ዝዘንግዖ የለን። ክልቲኡ ኩነታት ዝራኸብ ኣይኮነን። ማይን ሓውን ኸኣ ብሓደ  ከተሰምሮም ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ዝኸፍአ ኸኣ፡ መንግስቲ እስራኤል ብ2 ጥቅምቲ 2024 ብመገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳዩ የስራኤል ካትስ ኣቢሉ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ቡተሬስ ተቐባልነት ዘይብሉ ሰብ'ዩ ክብል ምግላጹ እዩ። ኣስዒቡ ኸኣ ሕነ ናይ'ቲ ብ31 ሓምለ 2024 ኣብ ቴህራን ዝተቀትለ ኣቦ መንበር ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ተቓዋሚ ምንቅስቓስ ፍልስጥኤም ሓማስ እስማዒል ሃኒያን ብ27 መስከረም 2024 ኣብ ደቡብ በይሩት ዝተቀትለ ዋና ጸሓፊ ሕዝቡላህ ሓሰን ነስራላህን ንምፍዳይ ኢራን ብ2 ጥቅምቲ 2024 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝፈጸመቶ ናይ ሮኬት መጥቃዕቲታት ስለዘይኮነኖ ናብ እስራኤል ክኣቱ ኣይፍቀደሉን'ዩ ክብል ገሊጹ። ኣንቶንዮ ቡቴረስ ግን ነቲ ኣንጻር እስራኤል ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒት ኢራን ሽዑ መዓልቲ ብመገዲ ናይ ትዊተር ሕሳቡ ኮኒኑዎ እዩ።

ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዳይ፡ እስራኤል ነዛ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሕዳር 2012 ከም ሉኣላዊት ሃገር ዝፈለጣ ፍልስጥኤም ክትንብጥን ንካልኦት ሃገራት ክትወርርን ካብ ጥቅምቲ 2023 ኣትሒዛ ኣብ ቃዛ ጃምላዊ ህልቂት ክትፍጽምን ከኣ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብጨቕ ኣይበለን። እዚ ሓደገኛ ናይ እስራኤል ሲናርዮ ኸኣ ካብ መስከረም 2024 ጀሚሩ ኣብ ደቡብ ሊባኖስ ይድገም ኣሎ። ንኒክሌሳዊ ትካላት ኢራን ከዕንዎ'የ እናበለት ድማ ትፍክር ኣላ። ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ መን'ዩ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክውንን መሰል ዘለዎን መሰል ዘይብሉን ክትውስን ትደሊ ኣላ። ብኣንጻሩ ኸኣ ኒክሌሳዊ ኣጽዋር ከም ዘለዋ ክትኣምን ኣይትደሊን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ወኪል ኣህጉራዊ ኒክሌሳዊ ጽዓት ነቲ ግሉጽ ተግባራታ ምእንቲ ከየጋልጻ ድማ ኣፍ-ደገ ዓጽያትሉ ትርከብ። ሉኣላውነት ብምግሃስ ኣብ ካልኦት ሃገራት ብግልጺ ፖለቲካውያን መራሕቲ ትቀትላ ኣላ። ነዚ ኩሉ ተግባራታ ኸኣ "መሰል ነፍሰ ምክልኻል" እናበለት'ያ ተመኽንየሉ። ምስ'ዚ ኩሉ ኸኣ ካብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ሓገዝ ትረክብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካብ'ተን ሰለስተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ኣሜሪካ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን'ውን ናይ ኣየር ሓለዋን ወተሃደራውን ጸጥታውን ስለያውን ሓበሬታታት ይምጠዋ እዩ። ኣብዚ ንሕና ነቲ ቅሉዕ ንምቅላዕ ኣይኮነን ዕላማና፡ የግዳስ ነቲ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ዝኸዶ ዘሎ ዘሕዝን መገዲ ምቅላዕ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን ንመጀመርታ ግዜ ካብ'ቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመስረተሉ 1945 ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ብቀዋሚት ኣባል ባይቶ ጸጥታ ዝኾነት ኣሜሪካ ብ1950 ፈደራላዊ ውሳነ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሓለፈ መሪር ዕድል ኣጋጢሙና እዩ። ሽዑ ኣሜሪካ ነቲ ዝሃንደሰቶ ውሳነ ዘለዋ መርገጺ ከተመኽኒን ብመገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያ ዝነበረ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ጆን ፎስተር ዳላስ ኣቢላ ንምጽዳቑ ዘለዋ ጽልዋ ክትጥቀምን ተራእያ። ንሱ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ከይሓፈረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሕጋዊ መዳይ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክጥቀም ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ረብሓ ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ክንቀርና ኣገዲዱና ክብል ገሊጹ። በዚ ኣገባብ'ዚ ኸኣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1950 ብዋጋ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መትከላት ባይቶ ጸጥታን መሰል ርእሰ ውሳነኡ ተመንዚዑ።

## 2- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘይሕጋዊ ውሳነ እገዳ ተሰገዲዱ

ካብ'ቲ ዘገርም ተግባራት ባይቶ ጸጥታ፡ ምስ መትከላትን ዕላማታትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ዝጻረር ዘይሕጋዊ ውሳነታት ዘሕልፍ ምኳኑ እዩ። ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ኤርትራ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብውሳነ ቁጽሪ 1907 ኣሕሊፉ። ነቲ ዘይሕጋዊ ውሳነኡ ዘመኽንየሉ ጭቡጥ መርትዖታት ኣየቕረበን። ምምሕዳር ባራክ ኦባማ ምስ ገለ ሃገራት ውድብ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን ብሪጣንያን ፈረንሳን ሩስያን ብምምሕዛው ኣብ ሓሶት ዝተሰረተ ውሳነ እገዳ ኣሕሊፉ። ጸኒሓ ግን ሩስያ ኣብ'ቲ ውሳነ ብምድማጻ ተጣዒሳ እያ። ልክዕ'ዩ ቻይና ድምጺ ኣይሃበትን። እንተኾነ ግን ናይ ቀውፊ መሰል ብምጥቃም ደው ንምባሉ ኣይፈተነትን። እዚ ዘይሕጋዊ ውሳነ'ዚ ከም ኩሎም ካልኦት ውሳነታት ባይቶ ጸጥታ፡ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝብን መንግስትን ግንባርን ኤርትራ ፈሺሉ። ውጥናት ወያነን ኣሜሪካን ምስ ፈሸለ ብ14 ሕዳር 2018'ዩ ተሰሪዙ። ድሕሪ ናይ ትሸዓተ ዓመት ዘይሕጋዊ እገዳ ብመሰረት ውሳነ 2444 ተላዒሉ። ባይቶ ጸጥታ ንባዕሉ ንኤርትራ ዝኹንን መርትዖ ከም ዘይረኸበ ገሊጹ። ነቲ እገዳ ንምስራዝ ዝቀረበ ሕጥቦ ጽሑፍ ንባይቶ ጸጥታ ባዕሉ ዝኹንን ካብ'ቲ ቅድሚ 79 ዓመት ዝተመስረተሉ እዋን ኣትሒዙ ዘለዎ ታሪኻዊ ጉድለት ኣተሃናንጻ ዘቃልዕን ስለዝኾነ ከኣ ከምዘለዎ ከነቕርቦ ኢና።

ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቁጽሪ 2444 "ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ ኣጽዋር፡ ምኽልካል መገሻታት፡ ምድስካል ርእሰ-ማል፡ ወዘተ" ከም ዝተላዕለ ዝሕብር እዩ። ኣብዚ ክንሕብሮ እንደሊ፡ ነቲ እገዳ ንምልዓል ዝደረኸ ምኽንያታት ምፍላጥ እዩ። እቲ ውሳነታት ካብ ኤርትራ እገዳ ንምልዓል ክልተ መሰረታውያን ምኽንያታት'ዩ ኣቕሪቡ። ንሱ ኸኣ ብመሰረት ውሳነ ባህቶ ጸጥታ እዚ ዝሰዕብ እዩ።

1-ባይቶ ጸጥታ ኣብ ውሳነ ቁጽሪ 1907 (2009) ኣብ ክልተ ነጥቢታት 16ን 17ን ብምምልካት፡ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሕጂ ይኹን ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዕድመ ስልጣኑ፡ ኤርትራ ንምንቅስቓስ ኣሸባብ ከም እትሕግዝ ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖ ከምዘይረኸበ ይሕብር።

2-ኣብ ኤርትራ እቲ ካብ ዕደና ዝርከብ እቶት ንውሳነታት ቁ-1844(2008) ቁ1862(2009) ወይ ቁ-1907(2009) ወይ ቁ-2023(2011) ኣብ ዝግህስ ተግባራት ከም ንጥሩፋት ምንቅስቓሳት ሶማል ሓገዝ ምቕራብ ከም ዘይወዓለ ገሊጹ።

እቲ ዘገርም ባይቶ ጸጥታ ነቲ ዘይሕጋዊ ውሳነኡ ካብ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ምስ ኣልዓሎ፡ ዝኾነ ይቕሬታ ወይ ኣብ እዋን ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመ ፖለቲካዊ ገበንን ሓሙሽቲኦን ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዘጽደቕኦ ዝያዳ ቅኑዓት ንምኳን ኣርባዕተ ኣባላት ዝደገፍኦን ቻይና ድምጺ ዘይሃበትሉን ከምቲ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ዘይተቓወመቶን ጉጉይ ውሳነ ዘውረዶ ዓቢ ክሳራ ሞራላዊ ወይ ፋይናንሳዊ ካሕሳ ኣየቕረበን። መንግስቲ ኤርትራ ብመገዲ ዝተፈላለዩ ሓለፍቱ ኣቢሉ፡ ንባይቶ ጸጥታን ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን ነቲ ዘቕረብዎ ጉጉይ ክሲ መርትዖታት እንተ ሃልዩዎም ከቕርቡ ኣስታት ሓደ ዕቁድ ክሓትት ጸኒሑ እዩ። እንተኾነ ግን እቲ መጸዋዕታ ዝቀርበሉ ዝነበረ ኣካል ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮን። ባይቶ ጸጥታ ንውሳነኡ ዘመኽንየሉ ዋላ ሓንቲ መርትዖ ስለይነበሮ መርገጺኡ "ዋላ ትንፈር ጤል'ያ"እዩ ነይሩ።

ባይቶ ጸጥታ ካብ'ቲ ዝተመስረተሉ 1945 ጀሚሩ ኣብ ኣተሃናንጻኡ ታሪኻውን ፖለቲካውን ጉድለት ከም ዝነበሮ በዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብሩህ እዩ። እዚ ዓቢ ጉድለት'ዚ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ 79 ዓመታት ኣይተፈትሓን። ናይ'ዚ ጠንቂ ከኣ እተን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ነቲ ዝረኸብኦ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሓለፋታት ክገድፍኦ ስለዘይደልያ እዩ። ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንምእራሙን ናይ ቀውፊ መሰል ብዝምልከት መሰረታዊ ለውጢ ንምግባርን ቁጽሪ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ንምስፋሕን ዝቐርብ ዝነበረ ሓሳባት ንትምክሕታዊ ጥሙሓቶም ዘረጋግጽ ስለይኮነ ከኣ ይቃወምኦ እየን። እቲ ዘገርም መራሕቲ ሳልሳይን ካልኣይን ዓለም ብወገኖም፡ ተራ ባይቶ ጸጥታን ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ምስ ብድሆታት ሓድሽ ምለንዩም ብዝሳነ ዕማሙን ሓላፍነቱን ንምእራም ኣብ ክንዲ ምስራሖ፡ ነቲ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ክዕወትሉ ዝሓልምዎ ብዝሒ መናብር ኣብ ቀወምቲን ዘይቀወምቲን ኣባላት ብዝምልከት ትርጉም ኣልቦ ክትዓት ከካይዱ ግዜኦምን ዓቕሞምን ከጥፍኡ ይርከቡ። እቲ ሓቂ ከምዚ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ኣብ ኣተሃናንጻ ትካላትን ቻርተራትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ተራ ባይቶ ጸጥታን ብተግባርን ትሕዝቶን ንረብሓ መላእ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብዘገልግል ለውጢ ከይተገብረ ገለ ሃገራት ኣብ ባይቶ ጸጥታ መናብር ንምርካብ ዝገብርኦ ሃነፍነፍ ትርጉም የብሉን።

ብፍላይ ከኣ ኣብዛ ዶባት እናጠፍአ ናብ ንእሽቶ ቁሸት ብቕልጡፍ ትልወጥ ዘላ ዓለም ኣብ መንጎ ሓባራዊ ድሕነትን ሓባራዊ ጥፍኣትን'ያ ተዕለብጥ ዘላ። ሓደ ካብቲ ዘገርም ታሪኻውን ፖለቲካውን ትግባራት ባይቶ ጸጥታ፡ ኣስታት 1.5 ቢልዮን ህዝቢ ዝነብራ ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሓደ መንበር'ውን እንተኾነ የብላን። እዚ ኸኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ካብ ዝተመስረትሉ 1945 ጀሚሩ ዝቀጸለ ኮይኑ፡ ካብ'ቲ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ ዓማጺ ምዕራባዊ መግዛእቲ ዝነበራሉ ግዜ ዝጀመረ እዩ። ሃገራት ምዕራብ ብሓደ ወገን ንኣፍሪቃ ክንብጣ፡ በቲ ኻልእ ድማ ንናይ ናጽነትን ሓርነትን ሉኣላውነትን መሰላተን ንኸይከላኸላን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ኣብ'ቲ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝምልከት ጉዳያት ውሳነታት ንኸይወስዳን ምኽንቲ ከም ዘይሳተፋ ክገብራ ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን። ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ'ቲ ካብ 2-4 ሰነ 1997 ኣብ ከተማ ሃራሪ ዝንባብወ ዘካየድኦ ጉባኤ መራሕቲ፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ክልተ መናብር ምስ ናይ ቀውፊ መሰል ከምኡ ድማ ሓሙሽተ መናብር ናይ ተራ ኣባልነት ክህልወን ሓቲተን። እንተኾነ ግን ሕቶኣን ሰማዒ ኣይረኸበን።

ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ነቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ከም ኩለን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ክልተ ናይ ቀውፊ መሰል ዘለዎ መናብር ክውሃበን ብመራሕተን ዝቐረብኦ ጠለብ ኣሰቒጡ ይሰምዕ ከም ዘይነበረ፡ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሊንዳ ቶማስ ግሪንፊልድ ብ12 መስከረም 2024 ንዕቀትን ትምክሕቲን ዝመልኦ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ቀውፊ መሰል ዘይብሉ ክልተ መናብር ክህልዋ ይድግፍ'ዩ" ክትብል ገሊጻ።

እዚ ማለት ከኣ፦

1-ህላወ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ንይምሰል ጥራሕ ክኸውን'ዩ ዝድለ ዘሎ። እቲ ዘገርም፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ነቲ ሽሞንተ ዕቑዳት ኣቑጺሩ ዘሎ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተፈጸመ ታሪኻውን ፖለቲካውን

ጌጋ ከምዛ መሰረታዊ መፍትሒ ዘምጽኣሉ፡ መርገጺ ኣሜሪካ ብሃገራት ምዕራብ ዓቢ ደገፍ'ዩ ረኺቡ። ኣፍሪቃ ብዘይ ናይ ምዕራብ ደገፍ ከምዘይትህሉ ገይሮም'ዮም ዝገልጽዋ።

2-ንመላእ ኣህጉር ኣፍሪቃ ምውራድን ምቁንጻብን ካብ ግዜ መግዛእቲ ዝቀጸለ ኮይኑ፡ እቲ ዘሕዝን ከኣ ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ዝቀጽል ዘሎ እዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን እንተኾና ብምስቃጠን ሓላፍነት ዝስከማ እየን።

3-ምምሕዳር ኣሜሪካን እተን ብድሕሪኡ ዘለዋ ንኣስታት ሸሞንተ ዕቁዳት ናይ ቀውዒ መሰል ዝጥቀማ ዝተረፋ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታን፡ ነዚ ብዘይ ኣገባብ ቡቲ ሽዑ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝነበረ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኩነታት ዝበሓትኦ ናይ ቀውዒ መሰል ክገድፋ ድልዋት ኣይኮናን።

ብናተይ ግምት ከምቲ ኣብ መጽሓፈይ "ዓቢ ጸወታን ሸቡዓይ ምዕራፍን" ዝገለጽኩዎ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ትካላቱ እንኮላይ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ብርሒብ ኣፍ-ደገ ክኣቱን ንዘጋጥምዎ ሃገራዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ብድሆታት ምስ ኩሉ ሕልኽላኻቱ ብብቕዓት ክምክት እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ንኣቓውማኡን ዝግዝኣሉ መትከላትን ምስ ኩነታት'ዚ ዘሎና ክፍለ ዘመን ብዝሳነ መገዲ ነቓፌታዊ ገምጋም ገይሩ ከመሓይሾ ኣለዎ። ሽዑ ከኣ'ዩ ንዘጋጥምዎ ብድሆታት ብተሳትፎ ኩሎም ወገናት ንረብሓ ኩሉ ብዘገልግል ኣገባብ ብፕራግማቲካዊ ልዑል ልቦና ክፈትሖ ዝኽእል። ከምኡውን ነዚ ብናይ ኣፅናዊ ኣጽዋር ውድድር፡ ዕብለላ፡ ፋይናንሳዊ ሽግራት፡ ቍጠባዊ ልምሰት፡ ምስፋሕፋሕ ሽቅለት ኣልቦነት፡ ብዝሒ ህዝቢ፡ ልዑል ድኽነትን ሕማማትን፡ ምስፍሕፋሕ መሃይምነት፡ ብዝሒ ሓባራዊ ስደት፡ ዕርገት መጠን ብከላ ኣከባቢ፡ ንህላወ ሂወታውያን ዘስግእ ክሊማዊ ለውጢታትን ካብ ትምክሕታዊ ሓሳባት ዝብገስ ኣሉታዊ ተርእዮ ዓውለማን ተኸቢቡ ዘሎ ህዝቢ ዓለም ጽቡቕ መጻኢ ከቀምጠሉ ዝኽእል። እዚ ኩሉ ግን ነዚ ሕጂ ዘሎ መልክዕ ባይቶ ጸጥታ ሰሪዝካ ኣብ ክንድኡ ነቲ ንውሳነታቱ ብሰለስተ ርብዒ ድምጺ ኣባላቱ ዝጽድቕ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝከታተልን ዝትግብርን ስሩዕ ፈጻሚ ኣካል ከይተካእካ ዝረጋገጽ ኣይኮነን።

እዚ ማለት ከኣ ብግብራዊ መዳይ፡ ንሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምንጥጣፍን ካብ ናይ መድረኽ መደረታትን ቀላጽምካ ምግታርን ትርጉም ኣልቦ ቃላት ምስማዕን መርገጺታትካ ምግላጽን ካብ ትንቢት ዘይሓልፍ ስምዒታትን ድሌታትን ምቅራብ ሓሊፉ፡ ናብ ግብራዊ ኣካል ምስግጋሩ እዩ። በዚ ኸኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡-

1-ግብራውን ኣድማዒን ውድብ ይኸውን።

2-ሓሙሽተ ቀወምቲ ሃገራት ኣባልነተን ናይ ቀውዒ መሰላተን ተጠቂመን ኩሉ ግዜ ንሳተን ጥራሕ ዝቆጻጸርኦ ዘይኮነስ 193 ኣባል ሃገራት ዝውንንኦ ውድብ ይኸውን።

3-ረብሓ ህዝብታት ኣብ ነንሓድሕዶ ዘመላላእን ዝሰምርን እምበር ዝረሓሓቅን ዝገራጮን ስለዘይኮነ ከኣ፡ ናይ ኩለን ሃገራት ህዝብታት ውድብ ይኸውን።

4-ኣብ መጨረሽታ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካብ'ቲ ካብ 1945 ጀሚሩ ዝጸንሖ ትርጉም ኣልቦ ተራ ተገላጊሉ፡ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰረትን መሪሕን ክኸውን ይኽእል።

**ካብ ውሳነታቱ ዘየስገድድ ናይ መደረታት መድረኽ ናብ ማእከል ናይ ሓባር ሉኣላውን ናይ ኩሉ ወግዓዊ ልሳንን መሳርሒን ንረብሓ ኩሉ ዝሰርሕን ይስጋገር። ሸዑ'ዩ ኸኣ ውሳነታት ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣስገዳዲ ዝኾውን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ናይ ብሓቂ ከም ስሙ ይኾውን።**

4 **ጥቅምቲ** 2024